Washington Apple Health (Medicaid)

ፈለማ እዋን ተጠቀምቲ መምርሒ

ክፍሊ 1 እዚ መምርሒ ንኽትፍልሙ ይገብረኩም:: ዝተወሰኑ መሰረታዊ ሕቶታት ይምልስ::
ክፍሊ 2 ናብ ናይ ሕክምና ኣቕራቢኹም ብዛዕባ እትግብርዎ ፈላማይ ምርመራ ማዕዳ ይህበኩም:: **(HCA 19-041** ረኣዩ**)**

ክፍሊ 1: ኣብ Apple Health ድሕሪ ምምዝጋብኩም

ናይ እንቋዕ ደሓን መፃእኹም ቡክሌት (ንእሽቶ መፅሓፍ) ስም ሓዊሱ ደብዳበ ክንልእኽልኩም ኢና:: እቲ ቡክሌት ብዛዕባ ሽፋንኩም ኣገዳሲ መረዳእታ የካፍል:: ኦንላይን ኣብ **www.hca.wa.gov/ah-client-booklets** ክትሪእዎ ትኽእሉ ኢኹም:: ናይ ጥዕና ትልምኹም እውን መረዳእታ ክልእኽልኩም እዩ::

እዚ ናይ ኣገልግሎት ካርድኹም እዩ::

ኣብ Washington Apple Health ምስ ተመዝገብኩም ድሕሪ ክልተ ሰሙናት ልክዕ ከምቲ ኣብዚ ምስሊ ትሪእዎ ዓይነት ናይ ኣገልግሎት ካርድ (ProviderOne ተባሂሉ ይፅዋዕ) ክለኣኽልኩም እዩ:: እዚ ካርድ ኣቐምጥዎ:: ናይ ኣገልግሎት ካርድኹም ናይ ጥዕና ኣገልግሎት ንምርካብ ዘድልየኩም ናይ ዓሚል ቁፅርኹም የርኢ:: እቲ ሓድሽ ናይ ኣገልግሎት ካርድኹም ክተንጥፍዎ ኣየድልየኩምን:: ቅድሚ ናባኹም ምልኣኽና ኣንጢፍናዮ ኢና::

ሕድሕድ ኣባላት ስድራ ናይ ዓርሱ Apple Health ኣገልግሎት ካርድ ክረክብ ብቐዕ እዩ:: ሕድሕድ ሰብ ክሳዕ ዕለተ ሞቱ ምስኡ ዝፀንሕ ዝተፈላለየ ናይ ዓሚል ቁፅሪ ኣለዎ::

ናይ Apple Health ሽፋን እንተድኣ ነይርኩም (ወይ ቅድሚ Apple Health ተባሂሉ ምፅውዑ Medicaid ተነይርኩም) ሓድሽ ካርድ ኣይንልእኽልኩም ኢና:: ዋላኳ ብተኽታታሊ ሽፋን ተዘይረኺብኩም እቲ ዝፀንሐ ካርድኹም ሕጅ እውን ቅቡል እዩ:: ናይ ዓሚል ቁፅርኹም ሕጅ እውን ተመሳሳሊ ኮይኑ ይፀንሕ::

ኣብ ናይ ኣገልግሎት ካርድኹም «ProviderOne» ዝብል ክትሪኡ ኢኹም

ProviderOne ምስ ናይ ጥዕና ትልምታት ዝተኣሳሰር ናይ ኮምፒተር ስርዓት እዩ:: ብተወሳኺ እውን ደብዳበታትን ማንዋልን ይልእኽ:: ኣብቲ ካርድ ዘሎ ቁፅሪ ናይ ProviderOne ናይ ዓሚል ቁፅርኹም እዩ::

Washington State Health Care Authority
ናይ ጥዕና ክንክን ሰበስልጣን ኣማሓደርቲ
Washington Apple Health (Medicaid)

ምሽጥራውነት ምሕላው

ናይ ኣገልግሎት ካርድኹም ብዘይካ ስምኩም ናይ ProviderOne ዓሚል ቁፅርን ዝተውህበሉ ዕለት ውልቃዊ መረዳእታ ኣይሕዝን። እቲ ካርድ እንትኣ ተሰሪቑ ወይ ጠፊኡ ውልቃዊ ምሽጥርኩም ዝተሓለወ ይኸውን።

ናይ ኣገልግሎት ካርድኹም ንምትካእ Apple Health ወይ ናይ ጥዕና ትልምኹም ውልቃዊ መረዳእታ ንምሕታት ብቐጥታ ኣይረኽበኩምን። ከም ማሕበራዊ ድሕንነት ቁፅሪ ዝኣመሰሉ ውልቃዊ መረዳእታታት ብስልኪ ወይ ብኢሜል ንዝሓተኩም ሰብ ኣይትህቡ። ዝኾነ ሰብ ናይ ማሕበራዊ ድሕንነት ቁፅርኹም እንተድኣ ሓቲትኩም ብኽብረትኩም ስሞምን ኣድራሻኦምን ሓቲትኩም ብ 1-800-562-3022 ናብ ናይ ዓማውል ኣገልግሎት ማእኸልና ሪፖርት ግበሩ።

እቲ ካርድ ተዘይተቐቢልኩም

ናይ Apple Health መመልከቲ ምስ ኣእተውኩም ድሕሪ ክልተ ሰሙናት ናይ ኣገልግሎት ካርድ ተዘይተቐቢልኩም ብኽብረትኩም ናይ ProviderOne ዓማውል መእተዊ ብ **https://www.waproviderone.org/client** ብምርካብ ብነፃ መተካእታ ካርድ ርኸቡ።

ኣብ ናይ ጥዕና ትልሚ ምምዝጋብ

ብኦንላይን **www.wahealthplanfinder.org** ፣ ኣቢልኩም ን Apple Health እንተድኣ ኣመልኪትኩም ምናልባት ኣብ ከባቢኹም ዝርከብ ናይ ጥዕና ትልሚ ተመዝጊብኩም ኢኹም። ኣብዚ እዋን እዚ ኣብ ናይ ጥዕና ትልሚ ተዘይተመዝጊብኩም ንሕና ክንሓርየልኩም ኢና።

ኣብ ከባቢኹ ካልእ ትልሚ እንተድኣ ሃልዩ ናብ **www.wahealthplanfinder.org** ብምእታው ኣብ ዝኾነ ሰዓት ክትልውጡ ትኽእሉ ኢኹም። ኣብ ናይ ጥዕና ትልምኹም ለውጢ እንተድኣ ተገይሩ ካብቲ ቀፃሊ ወርሒ ፈሊማይ መዓልቲ ጀሚሩ ኣብ ተግባር ይውዕል።(ብኻልእ መንገዲ ትልምኹም ክትቅይሩ እንተድኣ ደሊኹም ኣብ ገፅ 4 ዝርከብ “ናይ ጥዕና ትልመይ ክቕይር ይኽእልዶ?” ረኣዩ)

ሽፋንኩም ምሕዳስ

መብዛሕትኡ ግዜ ናይ Apple Health ምዝገባ ሓደ ዓመት ይፀንሕ። ናይ Apple Health ሽፋንኩም ንኽትሕድሱ ንምዝኽኻር ደብዳበ ክንልእኸልኩም ኢና፡ ስለ ዝኾነ ድማ ናይ ቡስጣ ኣድራሻኹም ንኽተመሓይሹ ኣገዳሲ እዩ። እቲ ደብዳበ ኣውቶማቲካሊ ከም ዝሕደስን ኣብዚ ደብዳበ ዘሎ መረዳእታ ጌጋ እንተዘይኮይኑ ምንም ክትገብሩ ከም ዘይብልኩም ክገልፅ ይኽእል እዩ። ናይ Apple Health ክትሕድሱ እንተደሊኹም ኣብ **www.wahealthplanfinder.org** ፣ (ሽፋን ንህፃናት፣ ነብሰፁራትን ንዘይተመርዓው ዓበይቲ ሰባት) ወይ ኣብ **www.washingtonconnection.org** (ዕድመኦም 65 ወይ ልዕሊኡ፣ ዓይነ ስውራት ወይ ስንኩላት) ብቡስጣ ወይ ብስልኪ ትኽእሉ ኢኹም። እቲ ደብዳበ ዘለውኹም ኩሎም መማረፅታት ብዝርዝር ክነግረኩም እዩ።

እዞም ዝስዕቡ ሓሙሽተ ትልምታትን ኣድራሻታቶም እዮም። ኩሎም ትልምታት ኣብ ኩሎም ከባብታት ስቴት ኣይርከቡን።

ማኔጅድ ናይ ጥዕና ክንክን ትልሚ	ቀንዲ ቴሌፎን	ናይ ነርስ ሓገዝ መስመር
Amerigroup Washington, Inc. (AMG) **www.myamerigroup.com/wa/pages/welcome.aspx**	1-800-600-4441	1-866-864-2544
Community Health Plan of Washington (CHPW) **www.chpw.org**	1-800-440-1561	1-866-418-2920
Coordinated Care Corporation (CCC) **www.coordinatedcarehealth.com**	1-877-644-4613	1-877-644-4613
Molina Healthcare of Washington (MHC) **www.molinahealthcare.com/members/wa/en-us/Pages/home.aspx**	1-800-869-7165	1-888-275-8750
UnitedHealthcare Community Plan (UHC) **www.uhccommunityplan.com**	1-877-542-8997	1-877-543-3409











ናይ ጥዕና ትልሚ ካርድ

ናይ ጥዕና ትልምኹም ልክዕ ከምቲ ኣብ ላዕሊ ዘሎ ዓይነት መለለይ ካርድ ክልእኸልኩም እዩ። እዚ ካርድ ኣቐምጥዎ። ናብ ሓኪም፣ ፋርማሲ ወይ ካልእ ናይ ጥዕና ክንክን ኣቐረብቲ ክትኪዱ ከለኹም ክልቲኡ ናይ ኣገልግሎት ካርድን ናይ ጥዕና ትልምኹምን ሒዝኩም ክዱ። ብተወሳኺ እውን ናይ መለለይ መንነት ፎቶ ከድልየኩም እዩ።

ክህልወኩም ዝኽእል ሕቶ

ክሳዕ ሕጂ ካርድ ተዘይህልይኒ ናይ ዓማውል ቁፅሪ ብኸመይ ይረክብ?

ካርድኹም ቅድሚ ምርካብኩም ክትሕከሙ ወይ መድሓኒት ክትመልኡ እንተድኣ ደሊኹም እቲ ኣገልግሎት ትረኽብሉ እትኽእልሉ ክልተ መንገድታት ኣለው።

- ናይ ዓማውል ቁፅሪ ንምርካብ ProviderOne ናይ ዓማውል መእተዊ ብ **https://www.waproviderone.org/client** ብምእታው ርኸቡ። እዚ ንቲ ኣቐራቢ ወይ ፋርማሲስት ምህብ።
- ንቲ ኣቐራቢ ወይ ፋርማሲስት ስምኩም፣ ዕለት ልደትን ናይ ማሕበራዊ ድሕንነት ቁፅርኹም ንገርዋ። ኣብ ኦንላይን ደልዮም ናይ ዓማውል ቁፅርኹም ክረኽቡ ይኽእሉ እዮም።

ናይ ኣገልግሎት ካርደይ እንተድኣ ጠፊኡኒ?

መተካእታ ንምሕታት ዝተፈላለዩ መንገድታት ኣለው:

- ናይ ProviderOne ዓማውል መእተዊ ብ **https://www.waproviderone.org/client** ምጥቃም።
- ናይ ዓማውል ኣገልግሎት ማእኸልና ብ1-800-562-3022 ምድዋል።
- ብኦንላይ **https://fortress.wa.gov/hca/p1contactus/** ለውጢ ምሕታት። “Client” (‹ዓሚል›) ዝብል ብምምራፅ “Services Card.” (‹ናይ ኣገልግሎት ካርድ›) ዝብል ርእሲ ምምራፅ።

ሓድሽ ካርድ ንምውፃእ ክፍሊት የብሉን። ሓድሽ ካርድ ብቡስጣ ንምርካብ ካብ ሽውዓተ ክሳዕ 10 መዓልትታት ይወስድ። ሓድሽ ካርድ ክትሓቱ ከለኹም እቲ ናይ ቀደም ካርድኹም ምስራሕ የቋርፅ።

ናይ ጥዕና ትልሚ ካርደይ እንተጠፊእኒኸ?

ናብ ናይ ጥዕና ትልምኹም ብምድዋል ሓድሽ ካርድ ሕተቱ። (ናይ ጥዕና ትልምታት መራኸቢ መረዳእታ ኣብ ገፅ 2 ረኣዩ።)

ን Apple Health ሽፋን ወይ ንናይ ጥዕና ሽፋን ከምዝተመዝገብኩ ብኸመይ የረጋግፅ?

ProviderOne ናይ ዓማውል መእተዊ
https://www.wa.providerone.org/client
ወይ ብናዓ መስመር ናብ ናይ ዓማውል ኣገልግሎት ማእኸል ብ 1-800-562-3022 ብምድዋል ሽፋንኩም ከም ዝጀመረ ምርግጋፅ ትኽእሉ ኢኹም። ናይ ኣገልግሎት ካርድ ቁፅርኹም ወይ ማሕበራዊ ድሕንነት ቁፅርኹም ክትፈልጥዎ ይግባእ።

1. ቋንቋ ምረፁ:
   - (1) ንኢንግሊዝኛ
   - (2) ንስፓኒሽ፡ ወይ
   - (3) ንካልኦት ድማ ሓገዝ ንምርካብ ብቐጥታ ናብ ናይ መተርጎሚ ኤጀንት ክትራኸቡ ኢኹም።
   - ምንም ተዘይመሪፅኩም ኢንግሊዝኛ ከም ዝመረፅኩም ተገይሮ ይሕሰብ።
2. ኣብቲ ዋና ዝርዝር ናይ ዓማውል ኣገልግሎት መማረፂ (1) ጠውቕ።
3. “Check eligibility” (‹ብቕዕነት ንምርግጋፅ›) (3) ጠውቕ።
4. ናይ ProviderOne ኣገልግሎት ካርድ ቁፅርን ዚፕ ኮድ ንምእታው (1) ጠውቕ፡ ወይ

   ናይ ማሕበራዊ ድሕንነት ቁፅርን ዚፕ ኮድ ንምእታው (2) ጠውቕ።
5. ናይ ሎምዓንቲ ጥቕምታት ንምርኣይ (1) ወይ ናይ ካልእ መዓልቲ ጥቕምታት ንምርኣይ (2) ጠውቕ። እቲ ሲስተም ዝዓበየ ናይ ጥቕሚ ደረጃ መረዳእታ ከርእይ እዩ። ዝርዝር ጥቕምታት ንምስማዕ፡ እቲ መልእኽቲ ከውዳእ ከሎ (1) ጠውቕ።

ኣብ ናይ ጥዕና ሽፋን ክትምዝገብ ኣለኒዶ? እወ ምስ ገለገለ ደረታት ተወሳኺ ዝርዝር ንምርካብ ናብ *Washington Apple Health* ቡክሌት እንቋዕ ደሓን መፃእኹም ኣብ ኦንላይ **www.hca.wa.gov/ah-client-booklets** ይርከብ፡፡ ኣየናይ ቡክሌት ክተንብቡ ከም ዘለኩም ርግፀኛ ተዘይኾይንኩም ብ1-800-562-3022 ናይ Apple Health ናብ ዓማውል ኣገልግሎት ማእኸል ደውሉ፡፡

ዝደለኽዎ ኣቕራቢ ክጥቀም ይኽእልዶ?

ኣይፋል፣ እቲ ናይ ጥዕና ትልሚ ኣብ ውሽጢ እቲ ኔትዎርክ ወይ ወፃእ በዓል ሞያ (ስፔሻሊስት) ክትሪኡ ናይ ፅሑፍ ፍቓድ ተዘይሂብኩም ኣብ ናይ ጥዕና ትልሚ ኔትዎርክ ዘለው ኣቕረብቲ ክትጥቀሙ ኣለኩም፡፡

ዝተፈለየ ሓኪም ወይ ናይ ጥዕና ክንክን ኣቕራቢ ክትረኽቡ እንተድኣ ደሊኹም እቲ ሓኪም ወይ ኣቕራቢ ኣበየናይ ናይ ጥዕና ትልሚ ከም ዘሎ/ዘላ ሕተቱ፡፡ እቲ ሓኪም ወይ ኣቕራቢ ኣብ ከባቢኹም ኣብ ዝርከብ ናይ ጥዕና ትልሚ ውሽጢ እንተድኣ ኮይኑ ክትቅይሩ ትኽእሉ ኢኹም፡፡ ገለገለ ኣገልግሎታት ብናይ ጥዕና ትልምኹም ሽፋን ኣይወሃቦምን፡ እንተኾነ ግና ኣብ ትሕቲ Apple Health ክፍሊት ንኣገልግሎት ይሽፈኑን ናይ Apple Health ክፍሊት ንኣገልግሎት ዝቕበሉ ኣቕረብቲ ክትረኽቡ ይግባእ፡፡ (“ክፍሊት ንኣገልግሎት እንታይ እዩ?” ዝብል ኣብ ገፅ5 ረኣዩ፡፡)

ቀዳማይ ናይ ክንክን ኣቕራቢ እንታይ እዩ?

ቀዳማይ ናይ ክንክን ኣቕራቢ ንመብዛሕትኡ ወይ ኩሉ ናይ ጥዕና ክንክንኹም እትሪእዎ ሓኪም፣ ነርስ፣ ወይ ካልኦት ናይ ጥዕና ክንክን በዓል ሞያታት ወይ ክልኒካት እዮም፡፡ እቲ ቀዳማይ ናይ ክንክን ኣቕራቢኹም ኣብቲ ናይ ጥዕና ትልሚ ኔትዎርክ ውሽጢ ክኸውን ይግባእ፡፡

ቀዳማይ ናይ ናይ ክንክን ኣቕራቢ ብኸመይ ይረኽብ?

እቲ ቀዳማይ ናይ ክንክን ኣቕራቢኹም ኣብቲ ናይ ጥዕና ትልሚ ኔትዎርክ ውሽጢ ክኸውን ይግባእ፡፡ እቲ ቀዳማይ ናይ ክንክን ኣቕራቢ ካብቲ ናይ ሕዚ ናይ ጥዕና ትልሚ ኔትዎርክ ክኸውን ወይ ድማ እቲ ትልሚ ሓደ ንኽትመርፁ ክሕግዘኩም እዩ፡፡ ቀዳማይ ናይ ክንክን ኣቕራቢ ንምምራጽ ናይ ጥዕና ትልሚ መርበብ ባይታ ረኣዩ፡፡ ኣቕራቢ ብዛዕባ ምምራፅ ኣብዚ መምርሒ ገጽ 2 ተወሳኺ መረዳእታ ኣሎ፡፡

ቆፀሮ ብኸመይ ይሕዝ?

ናይ ጥዕና ትልምኹም ቆፀሮ ብኸመይ ከም እትሕዙ መረዳእታ ክልእኸልኩም እዩ፡፡ ወይ ናብ ናይ ጥዕና ትልምኹም ደውሉ ንሶም ድማ ክጅምርልኩም እዮም፡፡ ብተወሳኺ ድማ ናይዚ መምርሒ ገፅ 2 **(HCA 19-041)** ቆፀሮ ንምሕዛ እቲ ፈላማይ ክይዲ ረኣዩ፡፡

ኣብ ገዛይ ዝርከብ ኩሉ ሰብ ተመሳሳሊ ዝኾነ ናይ ጥዕና ትልሚ ክህልዎም ኣለዎዶ?

እወ ብኣጠቓላሊ ኣብ ገዛኹም ዝነብር ኩሉ ሰብ ኣሜሪካን ኢንድያን ወይ ናቲቭ ኣላስካ ተዘይኮይኖም ተመሳሳሊ ናይ ጥዕና ትልሚ ይህልዎም፡፡ The ናብ *Washington Apple Health* ቡክሌት እንቋዕ ብደሓን መፃእኹም ኣብ ኦንላይን **www.hca.wa.gov/ah-client-booklets** ተወሳኺ መረዳእታ ኣለዎ፡፡

ኣብዘም ትልምታት ዘሎ ኣፈላላይ እንታይ እዩ?

ኩሎም ትልምታት ተመሳሳሊ ዝኾነ መሰረታዊ ኣገልግሎታት ይሽፍኑ፡ እንተኾነ ግና እቲ ኣገልግሎት ኣብ ዘቕርብሉ መንገዲ ግና ኣፈላላይ ኣለዎም፡ ፡ ኩሎም ትልምታት ተመሳሳሊ ዝኾነ መሰረታዊ ኣገልግሎታት ይሽፍኑ፡ እንተኾነ ግና እቲ ኣገልግሎት ኣብ ዘቕርብሉ መንገዲ ግና ኣፈላላይ ኣለዎም፡፡

ናብ *Washington Apple Health* ቡክሌት እንቋዕ ብደሓን መፃእኹም መሰረታዊ ኣገልግሎት ይዝርዝር፡፡

ሕድሕድ ናይ ጥዕና ትልሚ ናይ ዓርሱ ናይ ኣቕረብቲ ኔትዎርክ ኣለዎ፡፡ ብኽብረትኩም እቲ እትደልይዎ ኣቕራቢ ኣብቲ ናይ ትልሚ ኔትዎርክ እንተድኣ ኮይኑ ምስ ናይ ጥዕና ትልምኹም ኣረጋግፁ፡፡

ናይ ጥዕና ትልመይ ክቕይር ይኽእልዶ?

እወ፣ ኣብ ዝኾነ ሰዓት ትኽእሉ፡፡ እቲ ለውጢ ካብቲ ቀፃሊ ወርሒ ፈላማይ መዓልቲ ይፍፀም ትልምኹም ንምልዋጥ ብዙሓት መንገድታት ኣለው፡

- ኣብ Washington Healthplanfinder መርበብ ሓበሬታ **www.wahealthplanfinder.org** ለውጥዎ (ንህፃናት፣ ነፍሰፁራት፣ ወለዲ፣ ተኸናኽንትን ዘይተመርዓው ዓበይቲ ሰባት ሽፋን ንዝቕበሉ)
- ProviderOne ዓማውል መእተዊ መርበብ ባይታ **https://www.waproviderone.org/client** ረኣዩ፡፡
- ኣብ ኦንላይን **https://fortress.wa.gov/hca/p1contactus/** ንኽቅየር ሕተቱ፡፡ “Client” (‹ዓማውል›) ዝብል መሪፅኩም “Enroll/Change Health Plans.” («ንናይ ጥዕና ትልሚ ምምዝጋብ/ምቕያር») ዝብል ርእሲ ምረፁ፡፡
- ናይ ዓማውል ኣገልግሎት ማእኸል ብ 1-800-562-3022 ደውሉ፡፡

ኣየናይ ናይ ፋርማሲ ወይ መደብር መድሓኒት ክጥቀም ኣለኒ?

ናይ ጥዕና ትልምኹም ብዛዕባ ኣየናይ ፋርማስን መደብር መድሓኒትን ክትጥቀሙ ከም ዘለኩም መረዳእታ ክህበኩም እዩ፡፡

ድሕሪ ናይ ስራሕ ሰዓት ሕክምና እንተደልየኽ?

ናይ ጥዕና ትልምኹም 24 ሰዓት ብሰሙን ሽውዓተ መዓልቲ ደዊልኩም ክተዛርብዎም ትኽእሉ ናፃ ናይ ነርስታት ቁፅሪ ቴሌፎን ኣለዎ እዩ፡፡ እቲ ቁፅሪ ቴሌፎን ኣብቲ ዝለኣኽልኩም ናይ ጥዕና ትልምን ኣብ ገፅ 2 ተቕሚጡ እዩ፡፡

ኢመርጀንሲ እንተጋጢሙኒኽ?

ኢመርጀንሲ እዩ ኢልኩም እትሓስብዎ ህፁፅ ወይ ከቢድ ናይ ጥዕና ፀገም እንተጋጢምኩም ናብ 911 ደውሉ ወይ ናብ ኣብ ቀረባኹም ዝርከብ ናይ ኢመርጀንሲ ኣቕርብቲ ክዱ፡፡ ብዝተኽኣለኩም ፍጥነት ብድሕርዚ ናብ ናይ ጥዕና ትልምኹም ደዊልኩም ኢመርጀንሲ ከም ዘጋጠመኩምን ኣበይ ከም ዝተሓከምኩም ኣፍልጡ፡፡

ህፁፅ ሕክምና እንተድልይኩም እንተኾነ ግና ሂወትኩም ኣብ ሓደጋ እንተዘይኮይኑ ናብቲ ፈላማይ ናይ ክንክን ኣቕራቢኹም፣ ናይ ጥዕና ትልምኹም ወይ 24 ሰዓት ነርስ ደውሉ፡፡ ቴሌፎን ቁፅሪ ንምርካብ ገፅ 2 ረኣዩ፡፡

እቲ ኣቕራቢ ንምርካብ ወይ መድሓኒት ንምምላእ ክኸፍል ኣለኒ?

ኣይፋል ብቲ ናይ ጥዕና ትልምኻ ዝተቕመጡ ሕግታት ክሳዕ ዝተኸተልኩም ኣይትኸፍሉን።

እዞም ዝስዕቡ እንተኾይኖም ግና ክትከፍሉ ትኽእሉ:

- ከም ኪሮፕራክቲኮ ወይ ስነ ፅባቕ መጥባሕቲ ዝኣመሰሉ ሽፋን ዘይወሃበም ኣገልግሎታት።
- ብሕክምና ኣገዳሲ ዘይኮነ ኣገልግሎት እንተረኺብኩም።
- ናይ ጥዕና ትልምኹም ስም እንተዘይፈሊጥኩም እቲ ኣገልግሎት ኣቕራቢኹም ንመን ከኽፍል ከም ዘለዎ ተዘይፈሊጡ። እዚ ስለዝኾነ ድማ ኩሉ ግዘ ግልጋሎት ክትደልዩ ከለኹም ናይ ኣገልግሎት ካርድኹምን ናይ ጥዕና ትልሚ ካርድኹም ሒዝኩም ክትከዱ ይግባእ። (ብዛዕባ እዞም ካርድታት ዝምልከት መረዳእታ ኣብ ገፅ1-3 ረኣዩ)።
- ኢመርጀንሲ እንተዘይኮይኑ ወይ ኣቕዲሙ ብናይ ጥዕና ትልምኹም እንተዘይፀዲቑ፡ ካብ ጥዕና ትልምኹም ወፃእ ካብ ዝኾነ ኣቕራቢ ሕክምና ተረኺብኩም።
- ካብ ስፔሻሊስት ሕክምና ንምርካብ ናይ ጥዕና ትልምኹም ሕግታት ተዘይተኸተልኩም።

ክፍሊት ንኣገልግሎታት እንታይ እዩ?

እዚ Apple Health ሓኪማትን ኣቕረብትን ብቕጥታ ንዝህብዎ ሕድሕድ ኣገልግሎት ክኽፈል ከሎ እዩ። እዚ ሽፋን እዚ መብዛሕትኡ ግዘ «ሽፋን ብዘይ ማነጅድ ክንክን ትልሚ» ተባሂሉ ይፅዋዕ። መብዛሕትኡም ናይ Apple Health ዓማውል ንመደበኛ ናይ ጥዕና ክንክኖም ክፍሊት ንኣገልግሎት ኣይረኽቡን። መብዛሕትኡም ብናይ ጥዕና ትልሞም ኣቢሎም ‹ማነጅድ ኬር› ይረኽቡ። ("ማነጅድ ክንክን እንታይ እዩ?" ዝብል ቀፃሊ ሕቶ ረኣዩ)

ንዓኹም ዝቕረቡ ገለገለ ጥቕምታት «ክፍሊት ንኣገልግሎት ጥቕምታት» ተባሂሎም ይፅውዑ። እዚኣም ብናይ ጥዕና ትልሚ ተዘይኮነስ ብስቴት ይሽፈኑን ከምኡ ድማ ብካልኦት ኮም መሰረት ዝገበሩ ኣገልግሎታት ወይ መደባት ይቕርቡ። ክፍሊት ንኣገለግሎት ኣቕረብቲ ንምርካብ ኣብ **https://fortress.wa.gov/hca/p1findaprovider** ProviderOne ናይ ኣቕረብቲ መኣለሺ መሳርሒ ረኣዩ።

ናይ ክፍሊት ኣገልግሎት ጥቕምታት ዝርዝር ንምርካብ ናብ *Washington Apple Health* ቡክሌት እንቋዕ ብድሓን መፃእኹም ኣብ **www.hca.wa.gov/ah-client-booklets** ኦንላይን ረኣዩ።

ማነጅድ ክንክን እንታይ እዩ?

መብዛሕትኡም ናይ Apple Health ዓማውል ‹ማነጅድ ክንክን› ኣለዎም፡ እዚ ማለት ድማ Apple Health ንወርሓዊ ክንክን ይኽፍል ማለት እዩ። እቲ ናይ ክንክን ትልሚ ክንክን ንዘቕርበልኩም ኣቕራቢ ይኽፍል፡ ፡ መብዛሕትኡም ናይ Apple Health ዓማውል ንመብዛሕትኡ ክንክን ማነጅድ ክንክን ይረኽቡ፡ እንተኾነ ግና ገለገለ ኣገልግሎታት ብ«ክፍሊት ንኣገልግሎት» ("fee-for-service") ኣቢሎም ይኽፈሉ።
("ክፍሊት ንኣገልግሎት እንታይ እዩ?" ዝብል ሕሉፍ ሕቶ ረኣዩ)

ናይ ስኒ ሕክምና ክንክን ብኸመይ ይረኽብ?

ናይ Apple Health ክፍሊት ንኣገልግሎት ካብ ዝቕበል ኣቕራቢ ናይ ስኒ ክንክን ርኸቡ። ክፍሊት ንናይ ኣገልግሎት (fee-for-service) ኣቕራቢ ንምርካብ ናይ ProviderOne ብምርኣይ ናይ ኣቕረብቲ መኣለሺ ኣገልግሎት ኣብ **https://fortress.wa.gov/hca/p1findaprovider** ረኣዩ።

ኣየኖም ናይ ስኒ ሕክምና ኣገልግሎታትን ሕምናታት ይሽፈኑ?

ብ Apple Health ዝሽፈኑ ናይ ስኒ ሕክምና ኣገልግሎታት ዝርዝር ብ **www. hca.wa.gov/dental-services** ረኣዩ።

ናይ ዓይኒ ምርመራ መነፀርን ብኸመይ ይረኽብ?

ናይ ግምየትን ምርኣይን ምርመራ ሓዊሱ ናይ ዓይኒ ምርመራ ብናይ ጥዕና ትልሚ ይቕርቡ።

- ዕድምኦም ክሳዕ 20 ዓመት ንዝኾኑ ህፃናት — ናይ መነፀር ግሬም፣ ሌንስ፣ ጠባቒ ሌንታን ናይ ምስትኽካል ኣገልግሎት ብ Apple Health ኣገልግሎት ክፍሊት ይሽፈኑ እዮም።
- ንዓበይቲ — ናይ ዓይኒ መነጸር ፍሬማት፣ ሌንስን ጠባቒ ሌንተ ብ Apple Health ኣይሽፈኑን እንተኾነ ግና ክትገዝኡ እንተድኣ ደሊኹም፣ ካብቶም ተሳተፍቲ ብሕሳር ዋጋ ክትእዝዙ ትኽእሉ ኢኹም። ናይ ተሳተፍቲ ኣቕረብቲ ዝርዝር ኣብ **www.hca.wa.gov/assets/free-or-low-cost/optical_providers_adult_medicaid.pdf** .ክትረኽቡ ኢኹም።

ኣብ ሞንጎ ዋሽንግተን Apple Healthን Medicaid ዘሎ ኣፈላላይ እንታይ እዩ?

ዋሽንግተን Apple Health ኣብ ዋሽንግተን ስቴት Medicaid ንምፅዋዕ ንጥቀመሉ ስም እዩ። ኣቕራቢኹም ወይ ጋሻ ተቐባሊ Medicaid ኢሉ ክፅውዖ ይኽእል እዩ። ተመሳሳሊ ትርጉም ኣለዎም።

ካልእ እንታይ ክፈልጥ ኣለኒ?

ተወሳኺ መረዳእታ ኣብ ናብ *Washington Apple Health* ቡክሌት እንቋዕ ደሓን መፃእኹም ኣብ ኦንላይን **www.hca.wa.gov/ah-client-booklets** ካብ ናይ ጥዕና ትልሚ ማተርያላት ይካተቱ እዮም።

ኣገደስቲ ናይ ገፅ መርበባትን URL	
ገፅ መርበባት	**URL**
ProviderOne ናይ ዓሚል መእተዊ	**https://www.waproviderone.org/client**
Washington Healthplanfinder	**www.wahealthplanfinder.org**
Washington Connection	**www.washingtonconnection.org**
ናብ ዋሽንግተን Apple Health ቡክሌታት እንቋዕ ብደሓን መፃእኹም	**www.hca.wa.gov/ah-client-booklets**
ኣቕራቢ ርኸቡ (ክፍሊት-ንኣገልግሎት-ጥራሕ)	**https://fortress.wa.gov/hca/p1findaprovider**